## <u>ዘይከሓድ ልምዓት።</u>

**ኣ**ብ ባይታ ከሎ ዘይተኸወለ፡
ዓቢ ዝሳተፎ ኣረጊት ሽማግለ፡
መንእሰይ ጅግና ኣብኡ ዘወዓለ፡
ከመይ ጌርካ ልምዓት የለን ይብሃለ።

**መ**ሬት ባዕሉ እናመከረ
ኣፍ ኣውጺኡ እናተናገረ፡
ኣይትሓውሶ መዓር ምስዕረ፡
ብስራሕ ዳንበር ብተስፋ ነይንበረ።

**ሓ**ይሊ ልምዓትና ኒሕና ዋናታቱ፡
ብመስኖ ራሃጽና ምህርቲ ነእቱ፡
ሃገራዊ ልምዓት ንሱ'ዩ መሰረቱ፡
ነዚ ዝኽሕድ ይንቆራ የዒንቱ።

**ነ**ቲ ዘሎ የሎን ዝብለና፡
ሓውና ከሎ መሪጹ ክኸውን ጓና፡
ጸጊዕ ካብ ወሰደ ምስቶም ጸላእትና፡
ህድእ ንበል ዊጺኢቱ ክንርእዮ ኢና።

**ህ**ወሓት ዝኣመነ ድኻ ትተሞኩሮ፡
ከም ወሓዚ ማይ ዘብሉ ሽንጥሮ፡
ብጽምኢ ዘንቅጽ ናይ ፍጡር ጎሮሮ፡
ጉድጓድካ ምኹዓት'ዩ ረሳ ዝቕበሮ።

**ጽ**ምዶ ኣብ ልምዓት ንምጥፋእ ድኽነት፡
ህዝብና ከነጽግብ ኣሎና ሓላፍነት፡
ንሱ እንድዩ መንቀሊ ቃልሲ ንነጻነት፡
መትከልና ኣየፍቅዶን ምኽሓድ ሃገራውነት።

**በ**ዓል መድረኽ ካብ ኮኑ ጸረ ልምዓት፡
ድሮ ረሲዖሞ ፍቕሪ'ቶም ስዉኣት፡

ሃገር ከዕኑዉ ተጸጊዖም ምስ ሱሱዓት፡

ኣምላኽ ይሰውረና ካብዚ ናቶም መዓት።

ሓፋሽ ኣስተውዕለሎም ከየደናግሩኻ፡

ኩሉ ሲዕርካ ዓዲ ምስ ኣቶኻ፡

ሕንፍሽፍሽ ከየእትዉላ ምውቕቲ ገዛኻ፡

ፈትሽ እኪይ ከይርከብ ኣብ ሞንጎኻ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማኣታት ኤርትራ።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።